AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS

# ምስ ቈልዑ ብዛዕባ ናይ ኣእምሮ ሕማም ተዛረብ

## ሓበሬታ ነቶም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ዘለውዎምን ኣብ ክንክን ጥዕና ኣእምሮ ተሓከምቲ ዝኾኑን ወለዲ።



ካብ ከባብያዊ ማእከል ሕክምና ስነ-ኣእምሮ (DPS) ዝሕከም ወላዲ ዘለዎም ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ፡ናት ቀረባ ቤተሰብ ናይቶም ተሓከምቲ እዮም። እዚ ድማ ነቶም ብስጋ ደቆም ዝኾኑ ጥራይ ዘይኰነስ፡ በኣቦ ወይ  ብኣደ ውላዶም ዝኾኑ፡ ብርዕመት ዝዓብዩ ቆልዑት ዝምልከት እዩ።

ኣብ ኖርወይ፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና እኹል ሓበሬታ ናይ ምሃብን ነቶም መቕረባ ዝኾኑ ቈልዑ ምክትታል ናይ ምግባርን ሓላፍነት ኣለዎም። (ሕጊ ሰራሕተኛታት ጥዕና § 10a)።

ሓደ ኣባል ስድራቤት ዜሳቒ፡ ዜፍርሀ ወይ ዘሕዝን ሓሳባትን ስምዒታትን ይጻወር እንተ ኣልዩ፡ እቶም ቈልዑን መንእሰያትን ምናልባት እውን ስለምንታይ ከምኡ ከም ዘጋጠሞ ኽይተረድኡ ነቲ ኹነታት ከስተብህሉሉ ይኽእሉ እዮም።

“ማማ ብኸምዚ ክትቅንዞ ምርኣይ ኣመና ዘሰቒ እዩ ... ልበይ ኣብ ውሽጠይ ኲምትር ዝበለት ኮይኑ’ዩ ዝስምዓኒ። ሓድሓደ ግዜ፡ ምስኣ ጥብቕ ኢለ ክተርፍ እደሊ። ካልእ ግዜ ድማ ብእተኻእለ መጠን ካባኣ ኣዝየ እርሕቕ። ብዙሕ ክገብሮ ዝኽእል ነገር የልቦን። ... ብዙሕ ግዜ ግን ክድቅስ ከለኹ እበኪ።"

*ካብታ ብቲቲ ሶላንታውስን ኣንቶንያ ሪንግቦምን እተጻሕፈት "ዓበይቲ ንቈልዑ" እትብል ንእሽቶ መጽሓፍ እተወስደ*

### ቈልዑ ካብቲ እትሓስቦ ንላዕሊ የስተብህሉ

ኣብ ሓንቲ ስድራቤት፡ ብፍላይ ሓደ ኣባል ስድራቤት እንተ ሓሚሙ፡ ዳርጋ ኲሉ ኣባል ስድራቤት ብዛዕባኡ ይሻቐልን ይጭነቕን እዩ። ምስ ናይ ኣእምሮ ጸገማት እትቃለስ ወላዲ እንተ ኼንካ፡ ንውሉዳትካ ንምሕጋዝ ብዙሕ ወይ ክንድቲ እትደልዮ ክትገብር ስለ ዘይትኽእል ክስምዓካን ከጕህየካን ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ እቲ ከቢድ ዝኾነ ነገር ብግልጺ ንምዝርራብ፡ ንሓድሕድኩም ንምርድዳእን ንሓድሕድኩም ከም እትፋቐሩ ንምግላጽን ክሕግዘኩም ይኽእል እዩ። በዚ ኸምዚ እውን ብሓባር ዝያዳ ጽቡቕ ግዜ ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዙሓት ቆልዑን መንእሰያትን ሓደ ኣባል ስድራቤቶም ምስ ዝሓምም ብሰንኮም ከም ዝኾነ ክሓስቡ ይኽእሉ እዮም፣ ኰይኑ ግና እቲ ሕማቕ ሓሳባትን ስምዒታትን ብሰንኮም ዝመጽእ ኣይኰነን። እቶም ውሉዳትካ ኸምኡ ክትነግሮም ኣገዳሲ እዩ።

*እዚ ብሮሹር ብኣከሽሁስ ዩኒቨርሲቲ ሆስፒታልን (Ahus) ኣብ ማሕበረሰብ ጥዕና ብዝርከባ ምምሕዳራት ከተማን እተዳለወ እዩ።*



Helse-fellesskapet
Ahus og kommunene

UNIVERSITETET I OSLO

AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS

# ምስ ቈልዑ ብዛዕባ ናይ ኣእምሮ ብደሆታት ጥዕና ብኸመይ ንዛረብ፧

ኩሉ ሰብ ብዛዕባ ጸገማት ኣእምሮኣዊ ጥዕና ምስ ደቁ ክዛረብ ንላበ እኳ እንተ ዀንና፡ ግን ከምኡ ምግባር ከቢድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ዝያዳ ኣፍልጦ ምስ ዝህልወካ ግን፡ ብዛዕባ እቲ ንመላእ ስድራቤት ኣጸጋሚ ዝኾነ ነገር ምዝራብ ቀሊል ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ስነ-ኣእምሮ እንታይ እዩ፧

ስነ ኣእምሮ ዝብሃል ሓሳባትናን ስምዒታትናን ማለት እዩ፣ እዚ ድማ ኣብ ሓንጎልና ዘሎ እዩ። ኣእምሮና እተፈላለየ እዩ፣ ነቲ ሓሳባትናን ስምዒታትናን እንገልጸሉ ኣገባብ ድማ ይጸልዎ። ብዛዕባ ጥዕና ኣእምሮ ገለ ኣፍልጦ ክህልወካ ጽቡቕ እዩ፣ ከምኡ ምግባርካ፡ ንነብስኻን ንኻልኦትን ብጽቡቕ ክትከናኸኖ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

ጽቡቕ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወትካ ጽቡቕ ትኸውን፡ ኣብ ህይወትካ ዕግበትን ትርጉምን ይስምዓካ፡ ንዘጋጥመካ ልሙድ ጸገማት ከኣ ክትጸወር ትኽእል ኢኻ። ብኣእምሮኻ ዝስምዓካ ነገር ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ወይ ምስ ግዜ ክቕየር ይኽእል እዩ። መብዛሕትኦም ሰባት ኣብ ምሉእ ህይወቶም ኣእምሮኣዊ ጥዕናኦም በብግዜኡ ይለዋወጥ እዩ።

## ናይ ኣእምሮ ስቃያትን ሕማማትን

- ጭንቀት፡ ክቱር ዝዀነ ጭንቀት፡ ጸገም ስርዓተ ኣመጋግባ፡ ርእስኻ ምጒዳእ፡ ባይፖላር ዲስኦርደር፡ ስኪዞፍሪንያ፡ ሳይኮሲስ፡ ድሕሪ ዜሰንብድ ፍጻመ ዜጋጥም ክቱር ፍርሂ፡ መጠኑ ዝሓለፈን ኣገዳድን ድራኸ (OCD)፡ ንሓደ ዅነታት ወይ ንሓደ ነገር ክቱር ፍርሂ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዝርዝር፡ ስም ናይ ገለ ናይ ኣእምሮ ጸገማትን ሕማማትን እዩ። እዚኦም ዅሉ ሕማማት ሓደ ዝገብሮ ነገር ከኣ፡ ንኣተሓሳስባኻን ስምዒትካን ተግባርካን ጽልዋ ከሕድሩን ክቕይሩን ዝኽእሉ ምዃኖም እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ፡ ሕማም ኣእምሮ ምስ ዝህልወካ ነቲ ልሙድ እትገብሮ ነገራት ክትጸወሮ ወይ ክትገብሮ ከም ዘይትኽእል ኰይኑ ይስምዓካ ይኸውን።

ስነ-ኣእምሮኣዊ ስቃያት ክትርድኦ ኣጸጋሚ እዩ፣ እቲ ዝሓመመ ሰብ እውን ሕማሙ ክርዳእ ኣጸጋሚ ክዀኖ ይኽእል እዩ። ኩሉ ግዜ ነቲ ዝስምዓካ ዅነታት ብቓላት ክትገልጾ ቀሊል ኣይኰነን።

AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS



### ባህላዊ ፍልልያት

ባህሊ ነቲ ብዛዕባ ናይ ኣእምሮ ጥዕና እንዛረበሉ መገዲ ክጸልዎ ይኽእል እዩ። ገሊኦም ብዛዕባ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ጥዕና ካብ ምዝራብ ብዝያዳ ከም ስብራት እግሪ ብዛዕባ ዝኣመሰለ ኣካላዊ ጸገም ጥዕና ክዛረቡ ይቐልሎም ይኸውን።

ናይ ኣእምሮ ስቃያት ንምርዳእ፡ ልክዕ ከምቲ ኣካላዊ ጸገማት ጥዕና ብልክዕ ብስም ፈሊና እንፈልጦ ነቲ ኣእምሮኣዊ ጸገም ጥዕና እውን ብስም ፈሊና ብልክዕ ክፈልጦ ኣሎና።

ናይ ኣእምሮ ስቃያት ጥዕና ነዚ የስዕብ፡-

- ብዛዕባ ገዛእ ርእስኻን ብዛዕባ ካልኦትን ብዙሕ ኣሉታዊ ሓሳባት ምሕሳብ።
- ህይወት ጽልሙት፡ ዘፍርህ፡ ክትነብሮ ኣጸጋሚ ከም ዝኾነ ስምዒት ምሕዳር።
- ኣመና ድኻም ይስምዓካ፡ ብቐሊሉ ብነብስኻ ወይ ብኻልኦት ትበሳጨ፡ ትሓዝንን ትጕህን።
- በቲ ቕድሚ ሕጂ ዘየፍርሀካ ዝነበረ ነገራት ትፈርህ።



UNIVERSITETET I OSLO

AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS

# ከም ንፈልጦ ቈልዑን መንእሰያትን ሓደ ኻብ ወለዶም እዚ ዝስዕብ ከጋጥሞ ኸሎ የስተብህሉ እዮም

- ኣብቲ ቅድሚ ሕጂ ዘሓጉሶ ዝነበረ ነገራት ተገዳስነቱ ምስ ዘጥፍእን ካብ ቅድሚ ሕጂ ብዝያዳ ሕዙን ምስ ዝኸውንን
- ቅድሚ ሕጂ ዘየፍርሆ ንኣሽቱ ነገራት ምስ ዘፍርሆን ዘጨንቖን
- ካብ ገዛ ምውጻእ ምስ ዘፍርሆን ኣብ ውሽጢ ገዛእ ርእስኻ ጥራይ ክኸውን ምስ ዝደልን
- ዝያዳ ድኻም ምስ ዝስምዖን ብዙሕ ሰዕ ኣብ ሶፋ ምድቃስ ምስ ዘብዝሕን
- ናብ ስራሕ ምኻድ ምስ ዝኸብዶ
- መግቢ ምብላዕ ምስ ዘጾግሞ፡ ወይ ብዙሕ በሊዑ ምስ ዘምልሶ
- ኣብ ውሽጡ ብዙሕ ሕማቕ ሓሳባትን ስምዒታትን ስለ ዘለዎ ብእተፈላለየ መገዲ ንነብሱ ምስ ዝጐድእ
- ሓደ ዓይነት ነገራት ካብ ንቡር ብዝያዳ ደጋጊሙ ምስ ዝገብር
- ካብቲቅድሚሕጂብዝያዳተደጋጋሚ፡ቅልጡፍ ፡ምናልባት እውን ኣዝዩ ዝዓበየን ናይ ስሚዒት ምልውዋጥ ምስ ዝህልዎም፡ ንኣብነት ኣዚኻ ኽትሓርቕ ወይ ክትሓዝን፡ ወይ ከኣ እቲ ዝነበረካ ልዑል ሓጐስ ብቕጽበት ናብ ከቢድ ሓዝን ክቕየር ይኽእል እዩ
- ልዕለ ባህርያዊ ሓይሊ ኸም ዘለዎ ምስ ዝሓስብ
- ኵሉ ሰብ ክጐድኦ ኸም ዝደሊ ምስ ዝሓስብ
- ካብቲ ዝርእዮን ዝሰምዖን ነገራት እቲ ናይ ሓቂ ኣየናይ ምኳኑ ከለሊ ምስ ዘይክእል

## ምስቶም ቈልዑ ተዘራረብ

ቈልዑን መንእሰያትን እቲ ዝሓመመ ኣቦኦም ወይ ኣዲኦም ዘርእይዎ ባህሪ ወይ ኣካይዳ ምስ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ጸገማት ዝተሓሓዝ ምኳኑ ምርዳእ ክኸብዶም ይኽእል እዩ፣ እቶም ቈልዑን መንእሰያትን በቲ ዝሓመመ ኣቦኦም ወይ ኣዲኦም ከም ዝጭነቑ እውን ኵሉ ሳዕ ኣይኰነ ብቐሊሉ ዝርአ።
እቶም ቈልዑን መንእሰያትን ገለ ነገር እንተ ተዘሪቦም ነቲ ዝሓመመ ኣቦኦም ወይ ኣዲኦም ዝያዳ ከየኽብድሉ ይፈርሑ ይኾኑ፡ ስለዚ ድማ ስምዒቶምን ሓሳባቶምን ብውሽጦም ይሕዝዎ ይኾኑ።

ኣብ ብዙሕ ባህልታት፡ ወለዲ ንደቆም ብዛዕባ ኣብ ስድራቤት ዘሎ ጸገማት ክዛረቡን ወይ ክሕብሩ ልሙድ ኣይኮነን። ወለዲ ዋላ ሓንቲ ብዘይምዝራቦም ነቶም ቈልዑ ካብ ሕማቕ ይኽውልዎም ከም ዘለዉ ክሓስቡ እውን ልሙድ እዩ።

ቈልዑን መንእሰያትን ብዛዕባ ጸገማትን ሕማማትን ምስማዕ ክኸብዶም ዝኽእል እኳ እንተኾነ፡ እቶም ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ስድራቤቶም ብዛዕባ ዘጋጥም ዘሎ ኹነታት ምፍላጦም እፎይታ ኸም ዝህቦም ግና ይዛረቡ እዮም። እቲ ምስ ቈልዑን መንእሰያትን ዝግበር ዝርርብ ብዛዕባ ሻቕሎቶም ክዛረቡ ዕድል ይህቦም እዩ።

ቈልዑን መንእሰያትን እቲ ኣቦኦም ወይ ኣዲኦም ከም ቀደሙ ዘይኰነሉ ምኽንያት ብሰንኪ እቲ ዝበደልዎ ነገር ከም ዝኾነ ክሓስቡ ይኽእሉ እዮም።
እቶም ቈልዑን መንእሰያትን ንሳቶም ንባዕላቶም እውን ተመሳሳሊ ጸገማት ዘጋጥሞም እንተ ኾይኖ ይሓስቡ ይኾኑ ወይ ከኣ ኣቦኦም ወይ ኣዲኦም “ክሓዊ” ዝኽእል እንተ ኾይኖ ይሓስቡ ይኾኑ።

ቈልዑን መንእሰያትን ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመ ኹነታት ዝያዳ ምስ ዝርድኡ፡ መዓልታዊ ህይወቶም ዝያዳ ውሑስን ተገማትን ክኸውን ይኽእል እዩ። ግሉጽነት ወይ ብናጻ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ኵነታት፡ እቶም ስድራ ቤት ብሓባር ክኾኑ ዘኽእሎም ጽቡቕ መገድታት ክረኽቡን ኣብ ጽቡቕ መዓልታት ብሓባር ደስ ዘብል ነገራት ክገብሩን የቐልለሎም እዩ። ሓባራዊ ምርድዳእን ነቲ ጽንኩር መዓልታት ንምጽዋር ዝግበር መደብን ንብምልእታ ስድራቤት ጽቡቕ ክንክን ንምሃብ ይጠቅም እዩ።
ኣብ ዝቕጽል ገጽ ንቈልዑ እንታይ ክትብል ከም እትኽእል ምኽርታት ክትረክብ ኢኻ።

AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS

## ነቶም ቈልዑ እንታይ ክትብሎም ትኽእል፧

ንስኻ ከም ወላዲ መጠን ብዛዕባ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ጥዕና ብግልጺ ክትዘረብ ከለኻ፡ ንኣብነት፡ ብዛዕባ እቲ ኵነታት ባዕልኻ ብዛዕባ እትፈልጦ ብምንጋር ክትጅምር ትኽእል ኢኻ።

ድሕሪኡ፡ ነቶም ቈልዑ ብዛዕባ እቲ ኵነታት እንታይ ወይ ከመይ ከም ዝስምዖም ሕቶታት ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት ከምዚ ዝስዕብ ክትብል ትኽእል ኢኻ፡-
"ኣብዚ ቐረባ እዋናት ኣነ ሕማቕን ዘሰቕን ሓሳባት ይስምዓኒ ኣሎ፣ ሕጂ ድማ ሓገዝ ንምርካብ ሕክምና እገብር ኣለኹ። ንስኻ ከመይ ኣለኻ፧ ከም እተቐየርኩ ኣስተብሂልካ ዲኻ፧ ዘሻቕለካ ነገር ኣሎዶ፧”

ድሕሪኡ ነቲ ቈልዓ ብዛዕባ እቲ ኵነታት ከመይ ከም ዝስምዖ ክገልጽ ትዕድሞ። እቲ ቈልዓ ንዝዛረቦ ነገር ጽን ኢልካ ስማዕ፡ ነቲ ዝዛረቦ ነገር ተቐበሎ። እቶም ቆልዑ ንሕና ዓበይቲ ንኣብነት ርእስና ብምንቕንቕ ወይ ብኣጠማምታና ነቲ ዝብልዎ ነገራት ከም እንቕበሎ ወይ ከም እንሰማምዓሉ ምስ እንገልጸሎም ውሕስነት ይስምዖም እዩ።

ብዛዕባ ዝኾነ ፍጻመ ዝስምዓካ ዝኾነ ይኹን ነገር ከም ጌጋ ክርአ ከም ዘይብሉ ኣይትረስዕ። እቶም ቆልዑ ብዛዕባ ዘጋጥሞም ነገራትን ስምዒቶምን ብናጽነት ክዛረቡ ሕደጎም፡ ኣይትኣርሞም። ሞባይል ኣቐሚጥካ ጽን ኢልካ ስማዕ፡ ነቲ ዘልዕልዎ ሕቶታት ከኣ ምላሽ ሃበሉ።

ጽቡቕ ዝርርብ ምግባር፡ ቅድሚ እቲ ዝርርብኩም ሓሲብካሉ ዘይትፈልጥ ጽቡቕ ፍታሕ ክትረብክ ክሕግዘካ ይኽእል እዩ።

“ኣቦይ ተቐይሩ እዩ። ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጸወታታት ኵዕሶ እግሪ ክሳተፍ ከለኹ ናብቲ ጸወታ ይመጽእን ይድግፈንን ነይሩ፣ ሕጂ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ገዛ ኣይወጽእን። ኣብ ገዛ ድማ ገጹ ተጸዊጉን ሓዚኑን ኮፍ ይብል፣ እዚ ምርኣይ ዘሰቂ እዩ። ብዛዕባ ኵሉ ነገራት ድማ የማርረለይ፡ ኣነ ኸኣ እርበሽ። ኣብ DPS ሕክምና ከም ዝከታተል ነጊሩኒ፣ ሓገዝ ክረክብ ተስፋ እገብር።"

*ወዲ 15 ዓመት*





UNIVERSITETET I OSLO

AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS

# ከባብያዊ ማእከል ሕክምና ስነ-ኣእምሮ (DPS) እንታይ ይገብር፧

## ኣብ DPS ልዕሊ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ዓበይቲ ሰባት ምስ ስነ-ኣእምሮኣዊ ንዝተሓሓዝ ጸገማት ሓገዝ ይረኽቡ። DPS ንቜልዑን ስድራቤትን እቲ ዝሓመመ ሰብ እውን ይሕግዝ እዩ።

ኣብ DPS እቶም ምስ ስነ-ኣእምሮኣዊ ንዝተሓሓዝ ጸገማት ዘለዎም ሰባት ምስ ሓኪም፡ ተራፒስት ወይ ሓጋዚ ይዛራረቡ እዮም። ኣብ DPS ዝውቱር ዝኾነ ዝርርብ ብውልቂ ወይ ብጕጅለ ዝግበር ዕላል እዩ። ኣብቲ ዝርርባት እቲ ሕሙም ነቲ ዘሸግሮ ሓሳባትን ስምዒታትን ንምጽዋር ዘኽእሎ ሓገዝ ይረክብ፣ እዚ ድማ ኣእምሮኣዊ ጸገማት ወይ ምዝንባላት ተባሂሉ እውን ይጽዋዕ እዩ።

እቲ ሓኪምን እቲ ሕሙምን ብዛዕባ እቲ ሕሙም ዘሸግሮ ነገራት ይዛራረቡ። እዚ ሓሳባት፡ ስምዒታት ወይ ከኣ ኣብ ስራሕ፡ ኣብ ስድራቤት ወይ ምስ ኣዕሩኽ ዘጋጥም ኩነታት ክኸውን ይኽእል።
እቲ ሓኪም ናይ ሕቶታት ቅጥዒ ወይ መርመራታት እውን ክጥቀም ይኽእል እዩ። እቲ ዝሕከም ሰብን እቲ ሓኪምን ኣብ ቀጻሊ እንታይ ከም ዝገብሩ ከምኡውን እቲ ተሓካሚ ከም ሕሙም መጠን ንዕኡ እንታይ ኣገዳሲ ምዃኑ ይሰማምዑ።

### መርመራ

እቲ ሓኪም ነቲ እተገብረ ዝርርባትን ቅጥዕታትን መርመራታትን ርእዩ መርመራ ይገብር። በቲ ዝገብሮ መርመራታት ኣቢሉ ድማ እቲ ሰብ ዘለዎ ሕማም እንታይ ከም ዝብሃል ይፈልጥ ከምኡውን እንታይ ዓይነት ሕክምና ክረክብ ከም ዘለዎ ይውስን።

### ሕክምና

ሕክምና ማለት እቲ ሓኪም ምስቲ ሕሙም ብዝገብሮ ዝርርባት ኣቢሉ ነቲ ሕሙም ዝሓሸ ስምዒት ንኽስምዖ ምስራሕ ማለት እዩ። ገሊኦም ተሓከምቲ ብዘይካ እቲ ምስ ሓኪም ዝገብርዎ ዝርርባት መድሃኒታት እውን ይወሃቦም እዩ።

### ዝርርብ

DPS ወለድን ውሉዳትን ኣብቲ ዝርርብ ከም ዝሳተፉ ይገብር እዩ፣ እዚ ድማ ምስቲ ኣብ DPS ዝሕከም ሰብ ብሓባር ወይ ከኣ ንበይኖም ክኸውን ይኽእል እዩ።

ኣብቲ ምስ ስድራቤት ዝግበር ዝርርብ፡ DPS ኣብ ምንታይ ከም ዝሕግዝ ክንዛራረብ ኢና። ስድራቤት ድማ ዝያዳ ሓበሬታ ክረኽቡን ሕቶታት ክሕተቱን ይኽእሉ። ስድራቤት ዝያዳ ምስ ዝርድኡ፡ ብኸመይ ንሓድሕድኩም ብሓባር ጽቡቕ ግዜ ከተሕልፉ ከም እትኽእሉ ንምፍላጥ ይቐልል።



UNIVERSITETET I OSLO

AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS

**ቅጥዒ ንከተማ/ክፍለ ከተማ**

DPSን ምምሕዳር ከተማታትን ንኣዝማድን ስድራቤትን እቶም ዝሓመሙ ንምሕጋዝ ብሓባር ይሰርሑ እዮም። እቶም ኣብ DPS ዝሕከሙ ሕሙማት፡ ምሳታቶም ዝነብሩ ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ውሉዳት እንተሃልዮምዎም ይሕተቱ እዮም። እቲ መልሲ እወ እንተኾይኑ፡ እቲ ሓኪም ብተወሳኺ፡ DPS ናብቲ እትነብረሉ ክፍለ ከተማ ወይ ምምሕዳር ከተማ ቅጥዒ ክሰድድ ትሰማማዕ ዲኻ ኢሉ ክሓትተካ እዩ።



እቲ ስምምዕ ማለት እቶም ውሉዳት ከም ቤተሰብ መጠን ሓገዝ ምእንቲ ክረኽቡ፡ ንምምሕዳር ከተማን ንክፍለ ከተማን እንታይ ሓበሬታ ከም ዝጽሕፍን ከም ዘካፍልን ምስምማዕ ማለት እዩ። ገለ ኻብቲ እቶም ውሉዳት ክረኽብዎ ዝኽእሉ ሓገዝ፡ ዝርርብ ናይ ምግባር ዕድል፡ ምስ ርክብ ዝገብር ሰብ ወይ ምስ ነርስ ጥዕና ብዛዕባ ከመይ ይስምዖም ከም ዘሎ ናይ ምዝርራብ ኣጋጣሚ እዩ። ብዛዕባ ጥዕና ኣእምሮ ዘተሓሳስበም ነገራት እውን ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም።

AKERSHUS UNIVERSITETSSYKEHUS

# ኣብ ከተማን ክፍለ ከተማን ንዝርከቡ ህጻናትን መንእሰያትን ዝቐርብ ኣገልግሎት

## ምምሕዳር ከተማን ክፍለ ከተማን፡ እንተላይ ማእከላት ጥዕናን ኣገልግሎት ጥዕና ቤት ትምህርትን፡ ንቈልዑን መንእሰያትን ዝኸውን እተፈላለየ ኣገልግሎታት ኣለዎም።

### ማእከል ጥዕና

ወለዲ ንኹሎም እቶም ካብ 0-6 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ናይ ሕክምና ክትትል ሓገዝ ካብ ከባብያዊ ማእከል ጥዕና ይረኽቡ እዮም። ወለዲ ኣብ ዘድልዮም እዋን፡ ዋላ እውን ካብቲ ስሩዕ ክትትል ጥዕና ንምግባር እተመደበልካ ናይ ቈጸራ ግዜ ወጻኢ ኣብ ዘሎ እዋን ምስቲ ኣብ ከባቢኦም ዝርከብ ማእከል ጥዕና ክራኸቡ ይኽእሉ እዮም። ኣብቲ ማእከል ጥዕና፡ እቶም ወለዲ ምስ ጥዕናን ዕቤትን ቈልዑ ዝተሓሓዝ ምኽሪ፡ ሓገዝን መልሲ ንሕቶታቶምን ክረኽቡ ይኽእሉ እዮም። ኩሉ እቲ ካብ ማእከል ጥዕና እትረኽቦ ኣገልግሎት ብናጻ እዩ።

### ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎት ጥዕና

ካብ 6-20 (24) ዓመት ዝዕድሚኦም ተምሃሮ ዝኾኑ ቈልዑን መንእሰያትን ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎት ጥዕና ክረኽቡ ዕድል ኣለዎም። ማእከል ጥዕና ኰተቴታት ድማ ካብ 12-20 (24) ንዝዕድሚኦም መንእሰያት ዝወሃብ ኣገልግሎት እዩ።

ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎት ጥዕና፡ ቈልዑን መንእሰያትን ካብ ነርስ ጥዕና፡ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ድማ ካብ ናይ ቤት ትምህርቲ ዶክተር፡ ፊዚዮቴራፒስትን ሓኪም ስነ-ኣእምሮ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ። ኣብዚ ድማ፡ ቈልዑን መንእሰያትን ክረኣዩን ክሰምዑን፡ ብእተፈላለየ ንጥፈታት ድማ ብዛዕባ ኣብ ስድራቤት ምስ ጸገማ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ብኸመይ ምንባር ከም ዝከኣል ዝያዳ ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ስድራቤት ሓደ ሰብ ጸገም ጥዕና ኣእምሮ ምስ ወይ ካልእ ሕማማት ምስ ዝህልዎ እውን ብዛዕባ ዝኸውን ነገራት እውን ክዛረቡ ይኽእሉ።

ቈልዑን መንእሰያትን ባዕሎም ብዘይቈጸራ ናብ ማእከል ጥዕና መንእሰያት ብምኻድ ቀጥታዊ ርክብ ክገብሩ ይኽእሉ። እዚ ማለት ከኣ ምስ ናይ ጥዕና ነርስ ወይ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎት ጥዕና ዝሰርሑ ሰብ ሞያ ንምዝርራብ ኣቐዲሞም ቈጸራ ምሓዝ ኣየድልዮምን እዩ። እታ ናይ ጥዕና ነርስ ንሕቶታቶም ክትምልስን ብዛዕባ እቶም ቈልዑ ወይ መንእሰያት ዘተሓሳስቦም ነገራት ክትዛራረብን ትኽእል እያ። መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ውሑስ ብዓል ሞያ ምዝርራብ ክሕግዝ ይኽእል እዩ።



UNIVERSITETET I OSLO



ቈልዑን መንእሰያትን ከም ኣካልን ጥዕናን፡ ኣዕሩኽ ወይ ስድራቤት፡ ከበድቲ ሓሳባት፡ ስምዒታትን ጭንቀታትን ብዛዕባ ዝኣመሰሉ ኣርእስታት ምኽርን መምርሕን ክረኽቡ ይኽእሉ። እቶም ቈልዑ ወይ መንእሰያት ዝያዳ ሓገዝ እንተድኣ ኣድልይዎም፡ ኣገልግሎት ጥዕና ቤት ትምህርቲ ከም ቀዋሚ ሓኪም፡ ሓኪም ስኒ፡ ፊዚዮቴራፒስት ወይ ክኢላ ስነ-ኣእምሮ ምስ ዝኣመሰሉ ሰብ ሞያ ከራኽቦም ይኽእል እዩ።

ብዘይካዚ፡ እቲ ርክብ ዝገብር ሰብ ወይ ነርስ ጥዕና እቲ ምምሕዳር ከተማ ወይ ክፍለ ከተማ ዘዳልዎ ንቈልዑን መንእሰያትን ዝኸውን፡ ምናልባት እውን ንውሉድካ ክኸውን ዝኽእል ናይ መሕለፍ ግዜ ኣገልግሎታት እንታይ ከም ዘሎ እውን ሓፈሻዊ ፍልጠት ኣለዎ። ከም ናይ ወለዲ መምርሒ ስልጠናታትን ካልእ ጉጅለታትን ዝኣመሰለ ንወለዲ ብዛዕባ ዝወሃብ ሓገዛት እውን ሓፈሻዊ ፍልጠት ኣለዎ።

## ምስጢር ምዕቃብ

ኣብ ማእከል ጥዕናን ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣገልግሎት ጥዕናን ዝሰርሑ ሰብ ሞያ፡ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ግዴታ ኣለዎም። ምስጢር ምዕቃብ ክብሃል ከሎ፡ ሰራሕተኛታት ጥዕና ከም ሓፈሻዊ ሕጊ ንምንታይ ሓደ ቈልዓ ወይ መንእሰይ ምሳታቶም ከም ዝነበረ ወይ ከኣ ብዛዕባ እንታይ ከም እተዛራረቡ ንኻልእ ክነግሩ ኣይክእሉን እዮም ማለት እዩ።